EHDR-UK

# ብስራትን ኣውያትን መስከረም

**መስከረም ፥ ድምጺ ህዝቢ ከምዘይዕገት እያ ምሂራ!**

እዛ ከም ኣበሳሪት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብናን ምልክት ተስፍኡን ዓወቱን እትገልጽ ክብርቲ ወርሒ መስከረም ፣ሎሚ ፡ ብሰንኪ መላኺ ኣካይዳን ስርዓትን፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝተረግጸላ ፡ ኣፍ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዓብሰላ፡ ሕግን ፍትሕን ኪነግስ ዝሓተተ ዝሕበሰላ፣ ዲሞክራሲ ከቃልሕን ከሰርጽን ዝሓለነ፡ ዝዳጎነላ፣ ዲክታቶሪያዊ መራሒ ኤርትራ ከኣ፡ መላኽነቱን ትዕቢቱን ዘግሃደላ ፡ መራር ወርሒ ኮይና ተሪፋ ኣላ።

ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ 43 ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ ዝጀመረሉ ምኽንያት ዜጋታቱ ብዘድመጹሉን ዘጽደቑዎን ሃገራዊ ቅዋም እትመሓደር ፣ ብኹሉ ሽነኻታ ካብ መግዛእታዊ ጎበጣን ዓመጽን ናጻ ዝኾነት ልዑላዊት ሃገር ንምፍጣር ኢዩ ነይሩ ። እዚ ህዝቢ'ዚ ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ዝደመየሉ ምኽንያት፡ ዜጋታቱ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብዘይ ኣፈላላይን ኣድልዎን ኪንሰዩ ፣ ናይ ድምጽን ምርጫን ዲሞክራሲያዊ መሰሎም ኪኽበር፣ ናይ ሃይማኖትን እምነትን፣ ናይ ምጽሓፍን ምዝራብን መሰሎም ኪሕለወሎም ፣ ብሓጺሩ ኣብታ ንኽትህሉን ንኽትድሕንን ክቡር ዋጋ ዝኸፈሉላ፡ ናትና ዝብሉዋ ሃገር ብናጽነትን ሓርነትን ኪነብሩ ስለ ዝደለየ ኢዩ ።

ህዝቢ ኤርትራ ውሑዳት ምእንቲ ኪጥዕሞም ፡ ብዙሓት ግን ኪርገጹ፣ ውሑዳት ኪጸግቡ ብዙሓት ግን ከብጾም ኪሓኩ፣ ብዙሓት ተሸቒሮም ኪነብሩ፡ ውሑዳት ግን ልዕሊ ሕጊ ኪዕንድሩ ፣ ዘገልገለን ዝገበረን፡ ኪርገጽን ክንጸልን፣ ዘውደልደለን ዘቃጠረን ግን ኪሕቆፍን ኪኽበርን ኢሉ ፡ ዕምባባ ደቁ ፡ ንዋቱን ንያቱን ኣይበጀወን። ህልዊ ተረኽቦ ኤርትራ ግን ነዚ ግሁድ ሓቂ 'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ ዘሎ።

ቅድሚ ሰለስተ ዓመት፡ ብ18ን 19ን መስከረም፡ ኣብዛ ወርሒ 'ዚኣ፣ ሚኒስተራትን ጀነራላትን ዝርከቡዎም፡ ኣባላት ማእከላይን ሃገራውን ባይቶ ዝነበሩ፡ ገዳይምን ህቡባትን ተጋደልቲ፡ ፕረዚደንት ብሕጊ ኪቕየድ፡ ቅዋም ኪትግበር፡ ስልጣን ናብ ህዝቢ ኪርከብ፡ ናጻ ፖለቲካውያን ማሕበራትን ሰልፍታትን ኪቖማ፡ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኪፈርስ፡ ሃገራዊ ገምጋም ስራሕ ኪግበር፡ ብምሕታት ናብ ህዝብን ተጋደልትን ቅሉዕ ደብዳቤ ዝጸሓፉ መራሕቲ፡ ብለይቲ ከካብ መዳቕሶኦም ተሃዲኖም ተሓቢሶም ።

ኣብ ተመሳሳሊ ግዜን እዋንን መስከረም፡ እተን በብቑሩብ ኪዕምብባን፡ ብዓቕመን ልሳን ህዝብን ሓበሬታን ኪኾናን ጀሚረን ዝነበራ፡ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን መጽሔታትን፡ ኣብ መንጎ ፕረዚደንትን ደለይቲ ለውጥን ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ስለ ዘቃላሓ፡ ርእይቶን ሓሳብን ነቶም ነቲ ቓልስን መንግስትን ንዓመታት ዝመርሑዎ ጀጋኑ ኣብ ዓምድታተን ስለዘስፈራ፡ ብጠቕላላኡ፡ ንኹሉ መንግስቲ ዝህቦ ዝነበረ ናይ ጸለመን ጠቐነን ፕሮፖጋንዳ ስለዘቃላዓ፡ ምስ ኣዳለውተን ኣብ መዓሙቕ ተደርብየን ይርከባ ።

እዚ ኣብ መንነ መሪሕነት ኤርትራ ዝተላዕለን በብቑሩብ ኪዓብን ኪግንፍልን ዝጸንሐ ቅልውላው ብሰላማውን ሕጋውን መገዲን ብዘተን እንተዘይተፈቲሑ፡ ሓድነት ህዝቢ ከምዘላሕልሕን ነዛ ልዕሊ ዓቕማ ዋጋ ዝኸፈለት ጀማሪት ሃገር ከምዝሃስያን ርእይቶ ዝሃቡን ዝጸሓፉን ሃገራውያን ግዱሳት፡ ጋዜጠኛታትን ገዳይም ካድራትን ከካብ ስርሖምን ኣብያቶምን እናተለቕሙ ናብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዊሒዞም።

እቶም ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ምፍሕፋሕ ናይ መራሕቶም እናረኣዩ ከጽቅጡ ሕልናኦም ዘይፈቐ ደሎም'ዋ ንኽልቲኡ ወገን ኪሽምግሉ ዝፈተኑ ዓበይቲ ዓድን ሽማግለታትን፡ ተበግሶኦም ከም ትዕቢትን ድፍረትን ተቖጺሩ፡ ብዘይ ምኽንያት ንዓመታት ተዳጉኖም ። ብሓጺሩ ሎሚ፡ ካብ ናይቲ ስርዓት ዝተፈልየ ርእይቶን ሓሳብን ዘለዎ ኩሉ፡ ከሓድን ጠላምን ይስመ ኣሎ።

ብዙሓት ንጹሃት ኣመንትን መራሕትን ዝተፈላለያ ሃይማኖታት፡ ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ ብምውካ ሎምን ቅዱስ ቃል ብምስባኾምን ጥራሕ ኣደዳ ማእሰርትን ስቓይን ኮይኖም ኣለው።

እዚ ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታቱ ብምግሃስ ኣብ ዓለም ዝተፈልጠን፡ ብዘይ ቅዋምን ሕግን ዝጓዓዝ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ህዝባውን መንግስታውን ብዓላት፡ " ህዝቢ ጸጊቡ ኪሓድር፡ ምዕሩይ ኣገልግሎት ሕክምናን ትምህርትን ኪህልዎ፣ ኣብ ሩሑቕ ገጠራት ዝርከባ ዓድታት፡ ጽሩይ ዝስተ ማይን ኣገልግሎት ኤለክትሪሲቲ ኪረኽባን ምእንቲ ኣበርቲዕና ንሰርሕ ኣለና" ክብል ዝህቦ መደረታት፡ ማዕረ ክንደይ ብህዝቢ ኤርትራ የላግጽን የሽካዕልልን ምህላው ዘረድእ ኣብነት ኢዩ ። ምኽንያቱ ሎሚ፡ ኣብ ኤርትራ ቀሲኑ ዝሓድር እንተልዩ፡ መሳርሒ ናይዚ ዓመጸኛ ስርዓት ዝኾነ ጥራሕ ኢዩ።

ነዚ ግሁድ ሓቒ'ዚ ምኽዋል፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ጸሊምን ጻዕዳን ክትፈሊ ኣይትኽእልን ኢኻ ኢልካ ከም ምስትንዓቕ ኢዩ ዝቑጸር። እዚ ህዝቢ፡ ዋላ'ኳ ዛጊት ብዘይካ ግቡኡ ኪፍጽም፡ መሰሉ ኪሓትት እንተዘይተፈቐደሉ፡ ሓቅን ሓሶትን ኪመሚ ዘይጽገም፡ መሰልን ግቡእን እንታይ ምኻኑ ዝፈልጥ፡ ክቡር መነባበሪ ሕጊ እንዳባ ዝነበሮ፡ ብስርዓትን ሃገራዊ ባህሉን ዝመሓደር፡ ንመሰሉን ናጽነቱን ተቓሊሱ ዝተዓወተ፡ ብሕጂውን ንመሰሉ፡ ተጣቢቑን ተቓሊሱን ዝዕወት ስልጡን ህዝቢ ኢዩ። እዚ ሕጂ ኩሉ መብጽዓታት ጠሊሙ፡ ንነብሱ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኣፍቂሩ፡ ብዓመጽን ሓይልን ዝነብር ዘሎ መላኺ፡ ኣብ ሕቖ እዚ ህዝቢ'ዚ ተሓንጊሩ ኢዩ ተዓዊቱ ። ሎሚ ድሕሪ ዓወት ግን ነቲ ዝተሰከሞ ማእገርን ዝጸሮ እንግድዓን ረሲዑ ብግፍዒ ይረግጾ ኣሎ። ጽባሕ ንግሆ ከኣ እቲ ጸይሩዎ ዘሎ ሕቖ ባዕሉ ኪድርብዮ ኢዩ። ምኽንያቱ እትረፍ ንህዝቢ፡ ንመጽዓኛ ውን እንተኾነ፡ ንውሱን ግዜ ኢኻ ኣፉ ሎጊምካ እትስቀሎ።

ኣብ ዝተፈላለየ ጽሑፋት ተደጋጊሙ ይግለጽ ከምዘሎ፡ ሎሚ ኤርትራ፡ ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ሰባት ዝርገጸላ፡ ዜጋታታ ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ፍርዲ ንዓመታት ዝዳጎኑላ፡ ዝጭወዩላ፡ ዝሓቑላ በስገዳድ ዝዕስከሩላ፡ መንእሰያታ ብጃምላ ዝስደዱላ፡ ድምጺ ህዝቢ ዝዕበሰላ፡ ርእይቶኻን ሓሳብካን ዘይትገልጸላ፡ ሃገር ብምልእታ ናብ ቤት ማሕቡስ ተቐይራ ኣላ ።

ሎሚ፡ እቲ ዝዓበየን ህጹጽን ስራሕ ስርዓት ህግደፍ፡ ስምረትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ምብትታንን ኢዩ ። ኤርትራዊ እንተሰሚሩን እንተሓይሉን፡ ዕድመ ስልጣኑ ከምዝብተኽ ስለ ዝፈልጥ፡ ህዝቢ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩን ህዝቡን ከይዝትን ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ከይበጽሕን፡

ብዓሌት፡ ብሃይማኖት፡ ብኣውራጃን ወገንን ምክፍፋል ከም ቀዳማይ ስርሑ ሒዙዎ ኣሎ። ንሱን ካድራቱን ኣብ ዝተፈላለየ ህዝባዊ መጋባኣያታት ከምስሉ፡ "ሓድነት ሓድነት" ኢሎም እንተ መደሩ፡ ብሕጓን ምስጢርን ግን ንሰባት፡ ብመበቆሎም፡ ብዓዶም፡ ብዘርኦም፡ ብዓሌቶም፡ ብሃይ ማኖቶም፡ እናጎጃጀሉ፡ ብምንቛት ኩሉ ዕጥቆም ኣንጻር ሓድነት ኣቕኒዮሞ ኣለው። ምኽንያቱ፡ ሎሚ፡ " ሓድነት" ማለት ንየኦም፡ ትርጉማ፡ ኩሉ መራሒ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ በብተግባሩን ስርሑን ይተሓተት ማለት ኢያ ። ኩሉ ሳዕ ከኣ ዲክታቶራውያን መራሕቲ ነዛ ቓል እዚኣ ካብ "ሞት" ፈልዮም ኣይርእዩዋን ኢዮም። ካብኣ ንኺሃድሙ ተዓሚቶም ስለ ዝጓዓዙ ከኣ ካብ ጌጋ ናብ ዝኸፍአ ጌጋ ይኸዱ። ኣብ መወዳእትኡ ድማ ኩሉ'ቲ ዝፈጸምዎ በደል ስለዝረኣዮም፡ ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ ናብ ዝዓይነቱ ህልኽ ይኣትው። ረጊኦም ኪሓስቡን ንድሕሪት ኪምለሱን ይጽግሞም። ስለዝኾነ፡ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ሓድነት ህዝቢ ንምዝራግ ከም ቀዳማይ ዕማሞም ይወስዱዎ። ክሳዕ ሕጂ ግን ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ዓለም እዚ ጥበብ'ዚ ኣዚዩ ሓጺር...፡ ሓጺር...፡ ግዝያዊ እስትንፋስ ምበር ነባሪ ፍታሕ ሂቡ ኣይፈልጥን ኢዩ።

ውልቀ መራሒ፡ ልቢ ኣዕቢዩ፡ ኣብ መስርሕ ንዝተኸስተ ፍልልያት ተቐቢሉ፡ ከምቲሓቢርና ናጽነት ዘምጻእና፡ ሓቢርና ሃገርና ኪንሃንጽ ምእንቲ ንኹሉ ነገር ብዘተን ልዝብን ንፍታሓዮ እንተዝብል ኤርትራ ሎሚ ካልእ ንፋስ መተንፈሰት ነይራ። ንፋስ ተስፋ፡ ንፋስ ራህዋ ምነፈሳ። ኣዴታት ቀሲነን ምሓደራ። ኣቦታት ተመስገን ምበሉ። መንእሰያት ከኣ ብግዴታ ዘይኮነ ብፍቓዶም ሃገሮም ንኪሃንጹ እጅገኦም ብምስብሳብ 10 ዕጽፊ ናይዚ ሕጂ ተገዲዶም ዝሰርሑዎ ዘለው ምሰርሑ።

ውልቀ መራሒ ልቢ ኣዕቢዩ፡ ድምጺ መሳርሕቱን ምሕጽንታ ህዝቡ ሰሚዑ፡ ሃገራዊ ዕርቅን ዋዕላን ጸዊዑ ህዝቡ እንተዝሓቁፍ፡ ብሓቂ ሎሚ፡ ኤርትራውያን ብስምናን ብመራሒናን ምኾራዕና። ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ከኣ ስምናን ስእልናን ምተመሓየሸ። ሃገርናን ህዝብናን ንፋስ ተስፋ መተንፈሱ። ውልቀ መራሒ፡ ስራሕ ሽፍታ እምበር ስራሕ መራሒ ኪሰርሕ ስለ ዘይመረጸ ግን፡ ብኹነታት ሃገርናን ህዝብናን ወትሩ ንሻቐልን ንሕቆንን ኣለና።

ምኽንያቱ ክሳዕ ሕጂ ድምጽን ሃለዋትን ናይዞም መገዲ ሓቅን ፍትሕን ንኺድ ብምባል ዝተሓበሱ ገዳይም ተጋደልትን መራሕትን የሎን። መን ይፈልጥ ከምቲ ናይ ብዙሓት ፖለቲከ ኛታት ስክፍታ፡ ጽባሕ ንግሆ፡ እገለን እገለን ሓሚሞም ሞይቶም፣ እገለን እገለን ከኣ ነብሶም ቐቲሎም፣ ተባሂሉ ይንገረና ይኸውን። ወይ ብሰንኪ ጨካን ኣተሓሕዛን ግፍዕን፡ ብሕማምን መግረፍትን ማሲኖም ብጭንቀት ተረሚሶም፡ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ምስ ኮኑ፡ መራሕትኹም እነውልኩም ይብሉና ይኾኑ።

ንቡዙሓት ካባና፡ ሕማቕ ናይ እሱራትና ኪንሰምዕ ካብ ዘይምድላይ፡ እዛ ንኸትፍጸም ዓቢ ተኽእሎ ዘለዋ ሕጡብ-ጽሑፍ ኣይትወሓጠልናን ትኸውን። ይኹን እምበር ኪሰርቀኒ ዝረኣኹዎ ኪውስኸኒ ነይኣምኖ ስለዝኾነ፡ ኣብ ቃልዕ ፍትሒ ኪጉዕጽጽን ሓይሊ ክጥቀምን ዘይተሰከፈ ስርዓት፡ ኣብ ውሻጠን ጸልማትን ብሕጊ ኪቕየድ ይኽእል ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ዕሽነት ኢዩ። ምኽንያቱ ኪሓስብን ከመዛዝንን ዝኽእል ሓንጎል ዝተዓደሎ ፍጡር ኪፈርዶን ኪግምቶን ዝኽእል ብዙሕ ሓቅታት ኣሎ።

እዞም ሰባት ናይ ብሓቂ በደል እንተለዎም ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ኪዳነዩን ኺሕተቱን ኣይግባእን ዲዩ። ዝኾነ ሰብ ርእይቶኡ ስለ ዝሃበ፡ ስለ ዝጸሓፈ፡ ቅሬትኡ ስለ ዝገለጸ፡ ኪሽምግል ስለዝፈተነ፡ ዓደይ፡ ሃገረይ፡ ህዝበይ፡ ስለዝበለ ኪሕበስ ኣለዎ ዲዩ? ብዙሕ ብዙሕ ሕቶታት

ኪንሓትት ንኽእል ኢና። እቲ ዝወሃበና መልሲ ግን ጠላማት ከዳዓት ሃሱሳት ዝብል ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ብዘይካ ባዕላትና ዝምልሰልና ኣካል የለን።

እዚ ስርዓት'ዚ ክሳዕ ሕጂ ጸኒሑሉ ዘሎ ምኽንያት ከኣ፡ ንሕና ዜጋታት ኤርትራ፡ " ስለምንታይ ኢዩ እዚ ኹሉ ጸገማት ዘጋጥመና ዘሎ? " ኢልና፡ ሓቢርና ክንዝትን ክንሙግትን ስለዘይከኣልና ኢዩ። " ኣብ ቅድሜና ብዙሕ ስለምንታይ ዝብል ሕቶ እናልዓልና ኪንምልሶም ዘለና ሕቶታት ኣለው ።

ስለምንታይ ህዝቢ ይእሰር ?
ስለምንታይ ዓዱ ገዲፉ ይስደድ?
ስለምንታይ ሰባት ንዓመታት ብዘይ ሕግን ፍርድን ይእሰሩ?
ስለምንታይ ብሕታውያን ጋዜጣታት ተኣጊደን?

ስለምንታይ.... መወዳእታ ዘይብሉ ስለምንታይ ስለዘለና፡ ንገለ ኻብእተን ኪንምልስ እንተበቒዕና፡ ብዝወሓደ ናብ ሓደ ዘቀራርብ መረዳእታ ኪንበጽሕ ኢና። ሽዑ ድምጽና ኪስማዕ ሓይልና ድማ ከድምዕ ኢዩ ።

ፍትሕን ሰላምን ንህዝብና
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

18 መስከረም 2004
ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት - ዓባይ ብሪጣንያ ።